ብስም ኣላህ እቲ ርህሩህ እቲ ኣዝዩ ራህራሂ

# መልእኽቲ ንነጋድያን

(በጻሒቲ) ቁዱሳት ቦታታት መካን መዲናን

بسم الله الرحمن الرحيم

ምስጋና ንኣላህ ነዛ መጽሓፍ በቲ ድሩት ዓቕመይ ክትርጉማ ዘብቕዓኒ ጠቃሚት ክትከውን ተስፋ ይገብር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምእራም ተሓባበራኒ ኣሕዋት የመስግን ብፍላይ ድማ ኣብ ዳግመ እርማት ተሓባበረኒ ሸይኽ ሙሓመድ ኣማን ኣል ጀበርቲ።

ጀዛኩም ኣላህ ኬይር።


إعداد :- د. قذلة بنت محمد آل حواش القحطاني

ترجمه:- زبيبة محمد برهان

مراجعة الترجمه:- شيخ محمد أمان الجبرتي

ፍሉይ መልእኽቲ ነተን ኣብ ምብራቅን ምዕራብን ምድሪ ዘለዋ ኣስላም ኣሓተይ ካብ ልቢ ናብ ልቢ ዝበጽሕ መልእኽቲ።

ኣሰላም ዓለይኩም ወራሕመቱላሂ ወበረካቱህ ፡

መጀመሪያ ብእስላማዊ ሰላምታይ ይቕበለኪ ኣላህ ብስሙ ሰላም

ብሰላም ክቕበለኪን ኣብታ ቦታ ሰላም ጀና ይልምኖ።

ኣንትን እስላማዊ ሕውነትን እምነትን ዘራኽበና ኣሕዋትና ብጣዕሚ ሕጉሳት ኢና እንቛዕ ብደሓን መጻኽን ናብዛ ቅድስቲ ቦታ መካ።

ካብ ርሑቅ ቦታ ህርፋንን ናፍቆትን ናይ"ዚ ቅዱስ ስፍራ ዘምጻክን ግቡእና ኣብ ልዕሌኽ ጽቡቅ ኣቀባብላን፡ ቅንዕና ዝመልኦ ምኽሪለበዋን በሰናይ ተግባራትን ፍርሃት ኣላህን ምምኻር"ዩ።

ስለዚ ናይ ልበይ ብቃላተይ ይገልጽ፡ ንጹህን ቅኑዕን ክኽውን ድማ ንኣላህ ይልምኖ።

ኣብ ምብራቅን ምዕራብን ክፍሊ ዓለም ትርከቢ እስላማዊት ሓፍተይ ፡ ምዑዝ ሽታ ቁርኣንን ሱናን ኣብ ኩሉ ቦትን ናብ ስድራኽን ዓድኽን ምስ ተመለስኪ መዓዝኡ ከተስተማቅሪ የቕርበልኪ።

መጀመሪያ፡ <u>ብተውሒድ</u> ክንግደስ

ነዛ ናይ ተውሒድ ቃል ብእምነትን ብንጽህናን ክንብላ እታ ቃል ብዘይካ ኣላህ ብሓቂ ዝምለኽ የለን ትብል"ያ።

በዛ ቃል እዚኣ"ዩ ከኣ ሰብ ናብ እስልምና ዝኣቱ፣እሳ መፍትሕ ደምበ እስልምና"ያ ቃል ተውሒድ (ሓደነት ኣላህ) ምእንተኣ" ዩ

ኣላህ ልኡኻት ሊኢኹ። ኣብ ክቡር ቃሉ ከምዚ ይብል (ቅድሜኻ ዝኾነ ልኡኽ ኣይለኣኽናን ብጀካ ኣነ ዝምለኽ የለን ተገዝኡኒ ብማለት ናብኡ መልእኽቲ ነውርደሉ ደኣ እምበር ካብቶም ልኡኻን ንወላ ሓደ ውን ኣይነምልኽን ኢና) "ሱረት ኣል ኣንብያእ ኣንቀጽ 25"

ምእንቲ ላኢላህ ኢለ ኣላህ ናይ ፍርዲ ሚዛን ተቀሚጡ፣ሰይፍ ጅሃድ ተመዚዙ፣ ታ ሓቃዊት ሓቂ ኮይና ፣ ታ ኽውንቲ ምጽኣተ ዓለም ኮይና፣ ምእንቲ ላኢላህ ኢለ ኣላህ ሰባት ኣብ ክልተ ጉጅለ ተመቂሎም፣ ጉጅለ ንጀና ጉጅለ ንጀሃነም። ብኣኣ ድማ ሰብ ነብሱን ገንዘቡን ይሕሎ።

ካብ ኣቡ ሁረይራ ተማሓላለፈ ልኡኽ ኣላህ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም (ሰላምን ርህራሂን ኣላህ ኣብ ልዕሊኦም ይውረድ) ከምዚ ይብሉ (ሰባት ክዋጋእ ተኣዚዘ ክሳብ ብሓቂ ዝምለኽ የለን ብጀካ ኣላህ ዝብሉ ከምኡ ዝበለ ነብሱን ገንዘቡን ካባይ ነጻ ኮነ ብዘይካ ብግቡእ፡ ጸብጻቡ ናብ ኣላህ እዩ)።

* እንተ ኮነ ግን ሓደ ኣስላማይ ትርጉማ ፣ ቅድመ ኩነታ ከምኡ"ውን ነዓኣ ዘፍርሳ ብኸመይ ክፈልጦ ይኽእል?!

ንወሃብ ቢን ሙነቢህ ምስ ሓተትዎ "ላኢላህ ኢላ ኣላህ" መፍትሕ ናይ ጀና ዶ ኣይኮነትን? እወ ግን ዝኾነ መፍትሕኣስናን ኣለዎ ። ኣስናን ዘለዎ መፍትሕ ተምጺኻ ክክፈተልካ እዩ ተዘየሎ ኣይክፈተልካን"ዩ ኢልዎም።

**ትርጉማ ፡-**

ብሓቂ ዝምለኽ የለን ብጀካ ኣላህ። ኩሎም ኣምልኾታት ብዘይ ሓቂ"ዮም ተመሊኾም።

**ክልተ መሰረታዊያን ዓንድታት ኣለዋ**

ቀዳማይ ዓንዲ፡- ምንጻግ "ላኢላህ"

(ዝምለኽ የለን) እዚኣ ምንጻግ ንኹሉ ኣማልኽቲ"ያ

ካልኣይ ዓንዲ፡- ምርግጋጽ "(ኢላ"ኣላህ) (ብጀካ ኣላህ) ዝብላ ዓንድታት እየን።

**ክማልኣ ዝግበአን ቅድመ ኩነት፡-**

ፍልጠት፣ ርጉጽነት፣ ምቅባል፣ ተኣዛዝነት፣ ሓቅነት፣ ንጽህና፣ ፍትወት

ቀዳማይ ቅድመ ኩነት፡-

ፍልጠት፡-ምንጻግን ምርግጋጽን ፍልጠት ኣንጻር ድንቁርና።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ብዘይካ ኣላህ ኣምላኽ ዘይምህላዉ ፍለጥ ንሓጢኣትካን ምእመናን ምእመናትን ምሕረት ለምን፡ ኣላህ ከኣ መዛወሪኹምን መርገጺኹምን ይፈልጥ) "ሱረት ሙሓመድ ኣን 29"

ካልኣይ፡- ርጉጽነት ኣንጻር ምጥርጣር

ኣላህ ይብል፡-

(እቶም ሓቀኛታት" ምእመናን እቶም ኣብ ኣላህን ኣብ ልኡኹን ዝኣመኑ ካብኡ ዘይተጠራጠሩ ብገንዘቦምን ብነብሶምን ኣብ መንገዲ ኣላህ ዝተቃለሱ ጥራይ እዮም ንሳቶም ኢዮም ሓቀኛታት) ኣል ሑጅራት ኣን 15"

ሳልሳይ፡-(ኢኽላስ) ንጽህና ኣንጻር ብጻይነት

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ፍጹም ንጹህ ሃይማኖት ንኣላህ ኢዩ፡ እቶም ብዘይክኡ (ንጣኦት) ሓገዝቲ ዝገበሩ ናብ ኣላህ ምቅርራብ ንኽቀራርቡና ምበር ንካልእ ኣይንግዝኦምን(ይብሉ) ኣላህ ንሳቶም ኣብ ዝፈላለይሉ ኣብ መንጎኦም ይፈርድ፡ ኣላህ ንሓሳውን ከሓድን ኣይመርሕን) "ዙመር ኣን 3

(ንኣላህ ንዕኡ ጥራይ ብንጽህና ንሃይማነቱ ብእምነትን ተወፋይነትን ክግዝእዎ ስግደት ኣማዓራርዮም ክሰግዱ ምጽዋት ክህቡ ምበር ካልእ ኣይተኣዘዙን እዚ ከኣ ሕጊ እታ ቅንዕቲ (ሃይማኖት) ኢዩ) "ኣልበይና ኣን 5"

ራብዓይ ፡- ሓቀነት ኣንጻር ምሕሳው

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ኣሊፍ፡ ላም፡ ሚም፡ ሰባት ኣሚንና ብምባሎም ጥራይ ንሳቶም ከይተፈተኑ ክግደፉ ሓሲቦም ዲዮም? ነቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ ብርግጽ ፈቲንና፡ ነቶም ብሓቂ ዝኣመኑ ኣላህ ብርግጽ ይፈልጥ ንሓሰውቲ ከኣ ብርግጽ ይፈልጥ) "ኣል ዓንከቡት ኣን 1-3"

ሓሙሻይ፡- ምፍታው ነዛ ላኢላህ ኢላ ኣላህ ትብል ቃል ነቲ ተመልክቶን ኣጠቃሊላቶን ዘላ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ካብ ሰባት"ውን ብዘይ ኣላህ ንተጻረርቲ (ጣኦታት) ከም ፍቶት ኣላህ ዝፈትውዎም ኣለዉ ፡ እቶም ዝኣመኑ ንኣላህ ብምፍታው(ካብኦም) ኣዝዮም ዝበርትዑ ኢዮም ፡ ኣቶም ዝበደሉ ነቲ መቕጻዕቲ ( ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ) ዝርእይሉ (ግዜ) ኩሉ ሓይሊ ንኣላህ ሙኻኑ ኣላህ መቕጻዕቱ ብርቱዕ ምኻኑ ፈሊጦም (ንጣኦት ብምፍታዎም ምጉሃዩ) "ኣል በቀራ ኣን165"

ሻዱሻይ፡- ነቲ ዘመልከተቶ ተማእዚዝካ ኢድካ ምሃብ

ኣላህ ይብል፡- (እሱ ኣምልኾቱ ንኣላህ ጥራሕ ድግበረ ሰናይ

ተግባራቱ ኣጸቢቁ ገጹ ናብ ኣላህ ዝሃበ ብርግጽ ጽኑዕ መትሓዚ ጨበጠ ፍጻመ ትእዛዛት ናብ ኣላህ ኢዩ) "ሉቅማን ኣን 22"

(ናብ ጎይታኹም ተመለሱ( ተናስሑ) ንዕኡ ተኣዘዙ ቅድሚ መቕጻዕቲ ናባኻም ምምጽኡ መቕጻዕቲ ምስ መጸአ ኣይትሕገዙን) "ዙመር ኣን 54"

ሻብዓይ፡-ምቕባል"ዛ ላኢላህ ኢላ ኣላህ ተጠቃልሎ ብቃልካን ተግባርካን እምነትካን።

ኣላህ ይብል፡-

(ንሳቶም ብዘይካ ኣላህ ኣምላኽ የለን እንተተባህሉ ይዕበዩ ነይሮም፡፡ ንሕና ምእንቲ ጽሉል ገጣሚ ኢልና ኣማልኽትና ክንገድፍ ዲና? ይብሉ) "ሳፋት ኣን 35-36"

**ኣስተውዕሊ!** ናብ መካ ክትመጺ ተኾንኪ! ኣብ ልብኺ ብዘይካ ኣላህ ፍቶት ከይህሉ ወይ"ውን ምስ ረቢ ብጻይ ኣለዎ ኣብ ጎይትነቱ፤ ኣምሉኾቱ ወይ"ውን ኣብ ስሙን መግለጺኡን ድብል እምነት ከይህልወኪ።

*ዝኾነ ሰብ ምዉት ወይ መላኢካ ወይ እምኒ ወይ ጣኦት ይጠቅም ወይ ይጎድእ ኢሉ ዝኣመነን ንዑኡ ኣምልኾት ዝሃቦ ከም ዱዓ፡ መጽብዓ ፣ፍቶት ፣ፍርሒ ብረቢ ኪሒዱ ኣሎ። መንጎኛታት ጌሩ ዝሓዘም ኣብ መንጉኡን ኣብ መንጎ ረብን ዝልምኖም ውሕስነት ዝሓቶም፡ናብኦም ዝጽጋዕ እዚ"ውን ብረቢ ኪሒዱ"ዩ። እዚ"ዩ ከኣ ሽርኪ ረቢ ንባሮቱ ዘጠንቆቖም፡፡

ኣብ ሽርኪ ዝሞተ ናብ ሓዊ ጀሃነም"ዩ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(እቶም ብዘይክኡ(ንጣኦታት) ሓገዝቲ ዝገበሩ ናብ ኣላህ ምቅርራብ ንኽቀራርቡና ምበር ንካልእ ኣይንግዘኦምን (ይብሉ) "ዙመር ኣን 3"

(ኣላህ ብእኡ ንዘሽርክ ብፍጹም ኣይምሕርን ካብዚ ንታሕቲ ንዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ይምሕር) "ኣኒ"ሳእ ኣን 48

(ብኣላህ ዘሽርክ ብርግጽ ዝዓበየ ሓጢኣት ጠቀነ) "ኣኒ"ሳእ 48"

(ንሱ (ኣላህ) ብእኡ ንዘሽርክ ኣላህ ንገነት ሓረሞ መንበሪኡ ገሃነም ኢያ ፡ ንበደልቲ ምንም ኣዓዋቲ የብሎምን በለ) " ኣልማኢዳ ኣን 72"

ሽርኪ፡- ንተኣዛዝነትካ የፍርሶን የባላሽዎን።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ናባኻን ናብቶም ቅድሜኻ ዝነበሩን ዋሕይ መልእኽቲ ወሪዱ እንተሸሪክኻ ተግባርካ ይድምስሶ ብርግጽ ከኣ ካብ ከሰርቲ ትኸውን) "ዙመር ኣን 65"

**<u>ካብ ሽርኪ (ብጻይነት) ብረቢ፡-</u>**

ብዘይካ ንረቢ ንኻልእ ምሕራድ መርትያ ሕሩድ ምሕራድ ኣምልኾት ምኳኑ ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ስገደተይ ምግዘኣይ ህይወተይ ሞተይ ንጎይታ ዓለማት ንኣላህ ኢዩ በል) "ኣልኣንዓም ኣን 162"

(ስለዚ ንጎይታኻ ስገድ (ብስሙ) ሓሪድካ (መጽውት)"ኣል ከውሰር ኣን 2"

መጽብዓ፡-ብዘይካ ንረቢ ሽርኪ ኮይኑ እስልምናኻ ዉን የፍርሶ ምኽንያቱ ካብቲ መብጽዓ ዝድለ ዘሎ ምቕርራብን ምትዕብባይን"ዩ።

ብዘይካ ንረቢ፡- ንኻልኦት ክትሰግድ ሕቶኻ ከተድንን ሽርኪ"ዩ ንላኢላህ ኢላ ኣላህ እውን የፍርስ።

ካብ ስግደትን ሕቶኻ ምድናን ዝድለ ዘሎ ምቕርራብን ምትዕብባይ ስለ ዝኾነ።

**<u>ብዘይካ ኣብ ካዕባ ኣብ ካልእ ቦታ ምኹላል ሽርኪ"ዩ</u>**

ከምቲ መብዛሕትኦም ኣሽረኽቲ (ሙሽሪኪን) ኣብ መቕደሳቶም ኣብ ቀብርን ቁባታትን ዝገብርዎ ምኹላል ካብቲ ምኹላል ዝድለ ዘሎ ነቲ ኣብ ከባቢኡ ዝኾልዎ ዘለዉ ንምዕባይን ምኽባርን ኢልካ ዝግበር ሽርኪ'ዩ።

ኣላህ ይብል፡-

(እቶም ብዘይካ ኣላህ ትግዝእዎም ከማኹም ተገዛእቲ ኢዮም ሓቀኛታት እንተ ኾንኩም ተዳህይዎም ይቀበልኹም (ኣይክእሉን) "ኣል ኣዕራፍ ኣን 194"

*ካብ ዓይነት ሽርኪ ኣብ ተውሒድ (ሓደነት) ኣላህ ብዘይ ኣውረዶ ፍርዲ ምፍራድ። ምኽንያቱ በቲ ረቢ ዘውረዶ ፍርዲ ምፍራድ ካብቲ ዓበይቲ ናብ ረቢ ትቅረራበሉ"ዩ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ፍርዲ ናይ ኣላህ እዩ፡ ንዕኡ ምበር ንኻልእ ንኸይትግዝኡ ኣዚዙሉ፡ እዚ እቲ ትኽክል ሃይማኖት ኢዩ ግን መብዛሕቶም ሰባት ኣይፈልጡን) "ዩሱፍ ኣን 40"

ኣላህ፡ ነቶም ናይ ረቢ ሕጊ ድሕሪ ዝባኖም ገዲፎም ብስሚዒታቶም ዝፍረዱ ወቂስዎም። ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ኣላህ ብዘውረዶ ዘይፈርዱ እቲኣቶም ከሓድቲ ኢዮም)

"ኣል ማኢዳ ኣን 44"

(ኣላህ ብዘውረዶ ዘይፍረዱ እቲኣቶም በደልቲ ኢዮም)

"ኣል ማኢዳ ኣን 45"

**ንሓደ ባሪያ ካብ እስልምና ዘውጽዎ ፡ ንእስልምናኻ ዘፍርሱ ነዞም ዝስዕቡ ይጠቅሱ ኣህለል ዒልሚ(ሊቃውንቲ እስልምና)**

ቀዳማይ፡- ሽርኪ ኣብ ኣምልኾት

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ኣላህ ብእኡ ንዘሽርክ ብፍጹም ኣይምሕርን ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ (ሓጢኣት) ንዝደለዮ ይምሕር) "ኣኒ"ሳእ ኣን48"

(ንሱ(ኣላህ) ብእኡ ንዘሽርክ ኣላህ ንገነት ሓረሞ መንበሪኡ ገሃነም ኢያ፡ ንበደልቲ ምንም ኣዕዋቲ የብሎምን) "ኣል ማኢዳ ኣን 72"

ካብ ሽርኪ ኣብ ኣምልኾት ንሙውታት ምልማን ካብኦም ረድኤት ምድላይ ክትመበጻዓሎም ክትሓርደሎምን። ልክዕ ከምቶም ንጅኒ ወይ ንምዉት ዝሓርዱ።

ካልኣይ፡- ኣብ መንጉኡን መንጎ ረብን መንጎኛታት ጌሩ ዝልምኖም፡ ውሕስነት ዝሓቶም ናብኦም ዝጽጋዕ እዚ ብጠቕላላ ኪሒዱ ኢዩ።

ሳልሳይ፡-ንኣሽረከቲ ክሓድቲ ም'ኧኖም ዘይኣመሎም ወይ ኣብ ክሕደቶም ተጠራጠረ ወይ ሰረተ_እምነቶም ቅኑዕ"ዩ ዝበለ ኪሒዱ"ዩ።

ራብዓይ፡- ብዘይካ ናይ ነቢይ ሰ.ዓ.ወ ዝሓሸ መንገዲ ኣሎ ኢሉ ዝኣመነ ፡ ወይ ናይ ካልኦት ፍርዲ ካብ ናቱ ፍርዲ ዘብለጸ እዚ ውን ኪሒዱ"ዩ።

ሓሙሻይ፡- ገለ ካብቲ ረሱል ሰ.ዓ.ወ ሒዞሞ ዝመጹ ዝጸልአ ወላ"ውን ብኡ ይስራሕ እዚ ኩፍር"ዩ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(እቲ ንሳቶም ኣላህ ንዘውረዶ ስለ ዝጸልኡ ንተግባራቶም ኣጥፋኣሎም) "ሙሓመድ ኣን 9"

ሻድሻይ፡- ብገለ ካብ ዲን ናይ ረሱል ሰ.ዓ.ወ ተላገጸ ብመቕጻዕቲ ወይ ብዓስቢ እዚ"ውን ክሕደት"ዩ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡- (እሞ ኣብ ኣላህን ኣብ ኣያቱን ( ኣብ ዓንቀጻቱን) ኣብ ልኡኹን ተላግጹ ነይርኩም? (በሎም) ኣይተመኽንዩ ድሓሪ እምነትኩም ብርግጽ ኪሒድኩም) "ኣተውባ ኣን 65-66"

ሻብዓይ፡- ስሕሪ ንመፋቀሪ ወይ ንመፈላለይ ዝገበረ ወይ ነቲ ተግባር ዝፈተወ ኪሒዱ እዩ።

ኣላህ ይብል፡-

(ንሕና ፈተና ኢናሞ ኣይትክሓድ ከይበሉ ኣምሃሩን) "ኣል በቀራ ኣን 102"

ሻሙናይ ፡- ምሕጋዝ ወይ ምብርታዕ ንኣሽረኽቲ ኣብ ልዕሊ ሙስሊሚን ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ካባኹም ዝመሓዘዎም ንሱ ካብኦም ኢዩ፡ ኣላህ በደልቲ ህዝብታት ኣይመርሕን) "ኣል ማኢዳ ኣን 51"

ታሽዓይ፡- ገለ ሰባት ካብ ሕጊ ነብይ ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ክወጹ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ዝኣምን፡ ልክዕ ከምቲ ኣልኸድር ካብ ሕጊ ሙሳ ዓለይሂ ሰላም ክወጽእ ዝኽኣለ፡ እዚ ኪሒዱ ኢዩ። ምኽንያቱ መልእኽትን ሕጊን ነቢይ ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ዓለማዊ ንብምሉእ ዓለም እዩ፡ ከም ሙሳ ዓለይሂ ሰላም ናብ ደቂ እስራኤል ጥራሕ ዝተላእኸ ኣይኮነን።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ብዘይካ እስልምና፡ ካልእ ሃይማኖት ዝደሊ ብፍጹም ካብኡ ተቀባልነት የብሉን ፡ ንሱ ኣብታ ዳሕረወይቲ ዓለም ካብ ከሰርቲ ኢዩ) "ኣሊ ዕምራን ኣን 85"

ዓስራይ፡- ካብ ሃይማኖት ናይ ረቢ ምርሓቅ ኣይምሃሮ ወላ ብኡ ኣይሰርሕ።

ኣላህ ይብል፡-

(ብኣያት (ዓንቀጻት) ጎይትኡ ተማዒዱ ካብኡ ካብዝኣበየ ዝኸፍእ በዳሊ መን"ዩ? ንሕና ኣብ ገበነኛታት ፈደይቲ ኢና) "ኣሰ"ጅዳ ኣን 22"

እዞም ኩሎም ንእስልምናኻ ዘፍርሱ ኣብ መንጎ ዋዛን፡ ዕቱብነትን፡ ፈራሕን ፍልልይ የብሉን። ብዘይካ ብምግዳድ ኩሎም ድማ ካብቶም ዝዓበዩ ሓደጋታትን ብተደጋጋሚ ዝፍጸሙ ስለ ዝኾኑ፡ ኣስላማይ ንባዕሉ ክጥንቀቆምን ክፈርሖምን ይግባእ። ካብ ጠንቂ ቑጣዒኡን ኣሰቃቂ መቅጻዕቱን ናብ ኣላህ ንዕቆብ።

***ስለዚ"ዩ ሕጊ እስልምና ንሽርክን መንገዱን ከዓግት መጽዩ!**

ገለ ካብኡ ፡ ልዕሊ ዓቐን ምኽባር መቃብርን ከም መስጊድን መስገድን ጌርና ምሓዝ። ብመብራህቲ ከተብርሆ፣ ክትልምጾ፣ ክትጽሕፈሉን ከምኡ"ውን ከተብዕለሉን እዚ ኩሉ ተግባራት ነብይ ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ. ንኡመቶም (ህዝቦም) ከም ዘጠንቀቁ። ካብ ኣቡ ሁረይራ ተማሓላለፈ ሓዲስ ሉኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ. ከምዚ ይብሉ፡ (ገዛውትኹም መቃብር(ዘይስገዶ ቦታ) ኣይትግበርዎ ከምኡ"ውን ቀብረይ ዒድ እይተኽብርዎ ሰላት ዓለ ነብይ ግበሩለይ፡ ሰላትዓለ ነብይ ናትኩም ኣብ ዝሃለኹም ሃሊኹም ይበጽሓኒ እዩ) ካብ ኣቡሁረይራ ተሓላለፈ ሓዲስ ሉኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ (ኦ! ኣላህ ቀብረይ ከም ጣኦት ዝግዝኡሉ ቦታ ኣይትግበሮ፡ ናይ ነብያቶም መቃብር ከም መስጊድ (ቦታ መግዛእቲ) ጌሮም ዝተጠቅምሉ (ዝሓዝዎ) ኣህዛብ ተረጊሞም" ዮም)

(ኦ! ኣላህ ቀብረይ ከም ጣኦት ዝግዝእዎ ኣይትግበሮ ቀብሪ ናይ ነብያቶም ከም መሳጊድ ጌሮምዝ ዝሓዝዎ ረቢ ብጣዕሚ ብኦኦም ዝቑጣዕ)

ዓኢሻ ረቢ ይፍተወላ ትብል ልኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ ምስ ሓመሙ ኣጋ ሞቶም ከምዚ በሉ፡ (ኣይሁዳውያንን ክርስትያንን መርገም ኣላህ ወሪድዎም እዩ፡ ምኽንያቱ ቀብሪ ነብይቶም መሳጊድ ጌሮም ስለ ዝወሰድዎ) ቀጺላ ዓኢሻ ትብል እቲ ዝሓለፈ ምክንያቱ ተዘይህሉ ነይሩ ቀብሪ ነብይ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ግሉጽ ምኾነ ነይሩ።

ቀብሪ ናይ ነብይ ሰለላህ ዓለይሂ ወሰለም ዘይመኾኒኡ ምኽንያት ከም መስጊድ ንኸይትሓዝ ተባሂሉ እዩ። ካብ ኣቡሁረይራ ተማሓላለፈ ፡ልኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ ከምዚ ይብሉ (መርገም ኣላህ ይውረዶም ኣይሁዳውያን መቃብር ነብያቶም መሳጊድ (ቤት መቅደስ) ጌሮም ወሲደሞ)

**ካልኣይ፡- ንጽህና(ኢኽላስ) ኣብ ኣምልኾ (መግዛእቲ) ማለት ስራሕካ ንገጽ ረቢ ኢልካ ክትሰርሕ።**

ንጽህና(ኢኽላስ) ቅድመ ኩነት ተቀባልነት ስራሕካ፡ ቀንዲ ሕመረት(መሰረት) ዲንን ከምኡ"ውን ትሕዝቶን ጻዊዒት ልኡኻት"ዩ።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ንኣላህ ንዕኡ ጥራይ ብንጽህና ንሃይማኖቱ ብእምነት ተዋፋይነት ክግዝእዎ ምበር ካልእ ኣይተኣዘዙን) "ኣል በይና ኣን 5"

(እቲ መንኩም ተግባሩ ዝሓሸ ምዃኑ ክፍተነኩም ሞትን ህይወትን ዝፈጠረ ንሱ ክቡርን መሓርን ኢዩ) "ኣል ሙልክ ኣን2"

( لِيَبْلُوَكُمْ أَيُّكُمْ أَحْسَنُ عَمَلًا)

(መንኩም ተግባሩ ዝሓሸ ምኳኑ ክፍትነኩም)

ፉዴል ቢን ዕያድ ይብል፡ ንጽሁን ቅኑዕን።

ኣቡ ዓሊ እንታይ"ዩ ንጽሁን ቅኑዕን ምስ በልዎ ይብል፡ ተግባር ንጹህ ኮይኑ ቅኑዕ ተዘይኮይኑ ኣይቅቡልን"ዩ ቅኑዕ ኮይኑ ዉን ንጹህ ተዘይኮይኑ ኣይቅቡልን"ዩ። ክሳብ ንጹህን ቅኑዕን ዝኸውን ንጹህ(ኢኽላስ) ንረቢ ቅኑዕ ኣብ ሱና ረሱል ክኸውን ኣለዎ። ኣላህ ከም ዘረጋገጾ።

(ምርካብ ጎይትኡ ዝደሊ ሰናይ ተግባር ይግበር ኣብ ተገዛእነት ጎይትኡ ሓደኳ ኣየሸርክ በሎም) "ኣል ከሃፍ ኣን 110"

መግዛእቲ ብዘይ ንጽህናልቢ (ኢኽላስ) ልክዕ ከም ሉቀታ ሓመድ ዝመልአ ክብደት ዝተሸከመ እምበር ጥቅሚ ዘይብሉ"ዩ።

ክብርቲ ሓፍተይ ምኽረይ ስምዒ! መግዛእትኺ ተቀባልነት ክህልዎ ስእሊ ይኹን ኣብ ልብኻ ዘሎ ንጽህና (ኢኽላስ) ዝጸሉ ዝኾነ ይኹን ነገር ኣወግዲ።

**ሳልሳይ፡- ቁርኣንን ሱና ናይ ረሱል ሒዝካ ብኡ ክትምራሕ**

ቅድመ ኩነት ንተቀባልነት ስራሕካ፡-

1 ንጽህና (ኢኽላስ)

2 ምኽታል ማለት ሱና ናይ ረሱል ሰ.ዓ.ወ ምኽታል ስራሕ ካብ ሱና ረሱል ሰ.ዓ.ወ ወጻኢ ዝኾነ ንጹግ ተቀባልነት የብሉን።

ካብ ዓኢሻ ረ.ዓ ነቢይ ሰ.ዓ.ወ ይብሉ  (ኣብ ጉዳይ እስልምና ካብኡ ዘይኮነ ሓዲሽ ፈጠራ ዘምጽአ ንጹግ ኢዩ)

ካብ ኢማም ሙስሊም ዘውረዮ ሓዲስ

(ምስ እስልምና ዘይቃዶ ተግባር ዝፈጸመ ንጹግ"ዩ) ከምቲ ነዚ ኩሉ ርሕቀት ስንቅኽን ሻንጣኽን ሒዝኪ ተጓዓዝኪ፡ ኩሉ ኣገባብ ዒባዳ ሰላት፡ ሓጅ ዑምራ ሓደ ብሓደ ዝገልጽ መጽሓፍ ክህልወኪ ይምረጽ። ምእንቲ ከም ኣሰጋግዳ ሓጅ ዑምራን ነቢይና ሙሓመድ ሰ.ዓ.ወ ክኾነልኪ።

***ገለ ካብቲ ፈጠራ ኣብ ዲን (ብድዓ)ተዘውቲሩ ዘሎ ከጠንቅቅ!**

*ናይ ሓባር ዱዓ

*ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዙረት(ሸውጥ) ፍሉይ ዱዓ ምግባር

*መቃም ኢብራሂም ምድራዝ

*ሱና ሸሪዓዊ ግዴታ ዘይብሉ ዝያራ ምዝያር ከም መቃብር ሳሊሒን (ብጹኣን)

*ንኢሕራም ሓደ ፍሉይ ሕብሪ ተኸዲንካ ክሳብ ትውድእ ከየውጻካዮ  ምጽናሕ (ንደቂ ኣንስትዮ)

*ኣብ ሱና ነብይ ሰ.ዓ.ወ ዘየለ ዘይጸደቀ ወርሒ ረጀብ ወይ ካልእ ግዜ ብፍሉይ ዒባዳታት ምፍላይ

*ጽንብል ልደት ነብይ

*ትኽክለኛ ኣበሃህላ ኣብ ምኽልካል ልደት ነብይ

https://d-gathla.com/ss/2385-2017-11-01-16-09-05

*ምብራኽ ካብ መካ ወይ መዲና ብዝውሰድ ከም"ውን ኣእማን ምምላእ ናብ ዓዶም ምስ ዝሕጅጁ ወይ ዑምራ ዝገብሩ በረከት ኣለዎ ብዝብል እምነት።

*ምድራዝ መዓጹን መናድቅን መካ ረብሓ ንምምጻእ ወይ ጉድኣት ንምእላይ ክትምሕጸን።

*ኣብ ረውዳ ነበዊያ (ኣብ መንጎ ገዝኦምን መስገዲኦምን ንነቢይ ሰ.ዓ.ወ ዝርከብ ቦታ) ኣብኡ ክትጽሕፍ ካብኡ ኣሰር ክትወስድ ንበረከት ኢልካ ከምኡ"ውን ይጠቅም"ዩ ወይ ይጎድእ"ዩ ብጀካ ኣላህ ኢልካ ምእማን እዚ ኩሉ ዝተጠቕሰ ፈጠራ መሰረት የብሉን። ናብ ዓቢ ሽርኪ ዘውድቀካ መንገዲ"ዩ ረቢ የድሕነና።

**ራብዓይ፦ ሰላት ብግቡኡ ምሰጋድ**

*ሰላት ዓንዲ መሰረት እስልምና"ያ ሓደ ባሪያ ኣብ መዓልቲ ትንሳኤ መጀመሪያ ዝሕተተላ"ውን"ያ ፍሉይ ተጋዳስነት ከነርእይ ኣብኣ ከምኡ"ውን ብህድኣት ክንሰግዳ ይግባእ። ነቲ ሰላት ብህድኣትን ርግኣትን ዘይሰግድ ሰብኣይ ምስ ረኣይዎ ልኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ ተመለስ ስገድ ኣይሰገድካን ኢሎሞ ።ከምቲ ኣብ ሓዲስ ቡኻሪ ተመዝገበ እቲ ብግቡኡ ዘይሰግዳ ሰላቱ ዝብል። ካብ ኣቡ ሁረይራ ተመሓላለፈ (ነብይ ሰ.ዓ.ወ መስጊድኣትዮም ኣኸትል ኣቢሉ ድማ ሓደ ሰብኣይ መስጊድ ኣተወ ሰጊዱ ደሓር ንነብይ ሰ.ዓ.ወ ሰላም በሎም ተመለስ ስገድ ኣይሰገድካን በልዎ፡ ተመሊሱ ከምታ ኣሰጋግድኡ ጌሩ ሰገደ መጺኡ ዉን ሰላምበሎም ንነብይ ሰ.ዓ.ወ ተመለስ ስገድ ኣይሰገድካን በልዎ እንደገና ውን ሰለስተ ሳዕ ምስ መለስዎ በቲ ብሓቂ ዝለኣኸካ ካብዚኣ ንላዕሊ ከጸብቃ ኣይክእልን"የ መሃረኒ በሎም። ከምዚ በልዎ ክትሰግድ

ከለኻ መጀመሪያ ኣላህ ኣክበር በል፡ ደሓር ክእለትካ ዝሓፈዝካዮ(ዘጽናዕካዮ) ቅራእ ፡ ድሕሪኡ ድንን በል ክሳብ ርግእ ትብል ደኒንካ ደሓር ቅናዕ ክሳብ ጠጠው ትብል ፡ደሓር( ግንባርካ ናብ መሬት ኣውድቅ)

ስግደት ግበር ክሳብ ርግእ ትብል ኣብ ስግደት ፡ደሓር ካብ ስግደት ተንስእ ክሳብ ርግእ ኢልካኮፍ ትብል ። ከምዚ ኣገባብ ጌርካ ኣብ ኩሉ ሰላት ስገድ በልዎ።

*ሰላት ዓንድታታትን፡ ግዴተኣን ኣማሊእና

ብግቡእ ክንሰግዳ ይግባእ።

ከምቲ ነብይ ሰ.ዓ.ወ ዝበልዎ

(ከምዚ ትሪእዎ ዘለኹም ኣሰጋግዳ ጌርኩም ስገዱ) ኣብ ሰሒሕ ቡኻሪ ዘመሓላለፎ ካብ ሓዲስ ዘይድ ቢን ወሃብ ይብል፡ (ሑዘይፋ ሓደ ብግቡእ ርኩዕን ስጁድን ዘይምልእ ሰብኣይ ምስ ረኣየ ከምዚ በሎ ኣይሰገድካን ኣብ ከምዚ ኩነታት ተትሞውት ኣብ ኢስላም ዲን ነብይ ሙሓመድ ኣይምሞትካን) በሉ።

ኣገባብ ኣሰጋዳ ነብይ ሰ.ዓ.ወ ናይ ሸይክ ዓ/ዓዚዝ ቢን ባዝ ረቢ ይርሓመሎም።

https://d-gathla.com/2-genenral/3019-2215

**ሓሙሻይ ፡- ምስታር ምሽፋን**

ብርግጽ እተን ዝበለጻ ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ዝኾና ኣንስቶምን ደቆምን ንነብይ ሰ.ዓ.ወ ረቢ ክሽፈና ኣዚዝወን።

ኣላህ ከምዚ ይብል፡-

(ኣቀሓ (ንምልቃሕ) ምስ ተሓትወን ድሕሪ መጋረጃ ኮንኩም ሕተትወን እዚኮ ንልብታትኩምን ልብታተንን ዝበለጸ ንጽህና ኢዩ) "ኣል ኣሕዛብ 53"

(ኦ! ኣንታ ነብይ ፡ ነንስትኻ ንኣዋልድካ ነንስቲ ምእመናን ብመጎልበቢአን ክሽፈና ንገረን፡ እዚ ንክፍለጣን( ብባዕለገታት) ንኸይጉድኣን (ክልለያን) ኣዚዩ ዝቐረበ ኢዩ፡ኣላህ ከኣ መሕሪን ርህሩህን"ዩ) " ኣል ኣሕዛብ ኣን 59"

ኢብኒ ዓባስ ረቢ ይርደየሎም ይብል፡

(ኣላህ ነተን ምእመናን ካብ ገዛ ዝኾነ ጉዳይ ሃሊወን ተወጺአን ካብ ልዕሊ ርእሰን ገጸን ብጉልባብ ክሸፈና ሓንቲ ዓይነን ጥራሕ ክከፍታ ኣዚዝወን)

ትርጉም ናይ ኢብኒ ዓባስ መርትዖ፡ ጅልባብ ማለት ከም ጉልባብ ልዕሊ መሸፈኒ መቕንዓት ከም ዓባያ ዝልበስ ማለት"ዩ።

*እስኺ ኣስላመይቲ ሓፍተይ ከኣ ካብተን ኣላህ መልእኽቲ ዘመሓላለፈለን ምእመናን ኣንስትን ደቆምን ንነብይ ሰ.ዓ.ወ ምስአን ኢዩ ምድብኪ።

ደቂ ኣንስትዮ ብጾት ነብይ ሰ.ዓ.ወ ረቢ ይፍተወለን ትእዛዝ ኣላህ ክወርድ ከሎ ብቀጥታ"የን ዝምእዘዛን ዝቅበላን ኔረን)

ኣላህ ይብል፡-

(ጉልባበን ኣብ ክሳውድተን ይወንዘፋ) "ኑር ኣን 3" ጉልባብ ማለት ጓል ኣንስተይቲ ርእሳ ትጉልበበሉ ልክዕ ከም መሸፈኒ ኣብ ገጻ ተንብሮ(ተውድቆ) ማለት"ዩ። ብጉልባባ ክሳዳ ክትሸፍን ተተኣዚዛ ገጻ ክትሸፍን ተኣዚዛ ኣላ ማለት"ዩ። ክሳድን ኣፍልብን

ምሽፋን ግዴታ እንተ ኾይኑ ገጽ ምሽፋን ግዴታ ስለ ዘኾነ ብባህሪያዊ ኣመላኽታና፡ ዘኾነት ዓል ኣንስተይቲ ብመልክዕን ቁንጅናን ገጻ"ያ ትግለጽ(ትነኣድ) እዚ መጎልበቢ እዚ ኣላህ ንንጹሃትን ጽፉፋትን እስላም ደቂ ኣንስትዮ ዝሃበን ባህረት"ዩ። መለለዩ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒት"ዩ ድማ።

እቶም ሕጃብ ምሽፋን ሰብነት ጥራሕ"ዩ ዝብሉ ምስ ተፈጥሮን ሽሪዓን ዝጋጮ"ዮም ዝዛረቡ ዘለዉ ከምኡ"ውን ፡ኣብ ኩሉ መዋእል ዝነብረ ኩነታት እስላም ደቂ ኣንስትዮ ። ምስ ልሳን ቋንቋ ዓረብዉን ዝጋጮ"ዩ (ኹሚረት ኣል ኢናእ) እዚ ማለት ድማ (እቲ ሽሓኒ ተሸፊኑ ማለት"ዩ) ተሸፊኑ ክብሃል ከሎ ድማ

ላዕለዋይ ገዲፍካ ታሕተዋይ ተሸፊኑ ኣይትብልን ኢኻ። ወላ ውን ጉልባብክን ኣውርድ ኣብለኦ ዝብል ዘሎ ኣብ ቁርኣን ርእስክን ተዓሚምክን(ተጎልቢብክን) ገጽክን ከይ ሸፈንክን ግደፍኦ ማለት ኣይኮነን ፡ ከም ንፈልጦ ጉልባብካ ምውራድ ማለት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ"ዩ ፡ ስለዚ መርትያ ምሽፋን ገጽ ግልጺ"ዩ ልክዕ ከም ጸሓይ ኣብ ከብዲ ሰማይ።

*ኢማም ቡኻሪ ዉን ኣብ ቁኑዕ ሓዲሱ ብዛዕባ ምሽፋን ጥቅሲ ርእሰ ኣንቀጽ ኣስፊሩ ኣሎ።

ሓዲስ ዓኢሻ ኣዘንትዩ፡ዓኢሻ ረቢ ይርደየላ ትብል

<< ኣላህ ነተን ቀዳሞት ስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ምሕረት ይግበረለን>> ኣላህ ነዚኣ ኣንቀጽ ምስ ኣውረደ (ጉልባበን ኣብ ክሳውድተን ይወንዘፉ) "ኑር ኣን 3" ክዳውንተን ቀዲደን ገጸን ሸፈነን። ደቂ ኣንስትዮ መዲና ኩነታተን ክትገልጽ ከላ ኡም ሰለማ ከምዚ ትብል፡ ልክዕ ኣብ ርእሰን ኂኽ ደለወን ክመስላ ወጽየን። << ነቲ ተኸዲነንኦ ዝነበራ ጸሊም መጎልበቢ ንምግላጽ>>

***ፈተነ ድምጺ ኣምባር እግሪ ካብ ፈተነ ምኽፋት ገጽ ብኸመይ ክዓቢ ይኽእል?!**

**ኣላህ ይብል፡-**

(ካብ ስልማተን ዝሸፈንኦ መታን ክፍለጥ ብኣእጋረን ኣይህረማ)
"ኑር ኣን 31"

እቲ ንእስላመይቲ ድምጺ ኣምባር እግሪ ከተውጽእ ዝኽልከላ ብቀዳምነት ገጻ ተቀሊዓ ተመላኺዓ ኣዒንታ ከፊታ ኩሉ መልክዓ ከተውጽ ከልኪልዋ"ዩ። መን"ዩ? እስከ ኣእጋርን ድምጺ ኣምባር እግርን ዝኸፈአ ፈተነ"ዩ ካብ ምቅላዕ ገጽ ክብል!! እንተ ደኣ ጓል ኣንስተይቲ ጫሕጫሕ ድምጺ ኣምባር እግራ ከይተውጽእ ንሰብኡት ከይትፍትን ተኸልኪላ ፡ከመይ ደኣ እያ"ሞ ገጻ ክትቀልዕ ኣየናይ ፈተነ ይዓቢ?!

*እቲ ብምኽንያት ዕብየተን ናይ ሓዳር ድልየት ብዘይ ምህላወን ወርሓዊ ጽግያት ዉን ዘቛረጸን ኣረጋውቲ ኣንስቲ ጉልባበን ከውርዳ ዘፍቀደለን፡ ብቁዕ መርትዖ"ዩ ፡ መንእሰይ ጓል ኣንስተይቲ ካብተን ዝኣረጋ ዝተፈላለየ ምኳኑ፡ ስለዚ ማዕረ ነይሩ እንተ ዝኸውን ፡እቲ ንኣረጋውቲ ተዋሂቡ ዘሎ ፍርዲ ኣብ ምሽፋን ምጉልባብን ትርጉም ኣይምሃለዎን። ወላ ሓደ ውን ከምኡ ዝብል የለን።

*ኣብ መንገዲ ወይ ሹቅ ወይ ካፌ ተቀሊዓ ዝርእያ ነይሩ እንተ ዝኸውን ፡ ክሕጸይ ዝደሊ ወዲ ትባዕታይ ንሕጽይቱ ምስኣ ናይ ቀረባ ተሓታቲ(ማሕረማ) ሃልዩ እሞ ከኣ ንመርዓ ተወሲኑ ክርእያ ከም ዘለዎ ፍቃድ ኣይምተዋህበን።

ሓፍተይ!

ናብ መካ መልእኽቲ ኣላህ ተቀቢልኪ ንሓጅን ዑምራን ዝመጻኺ፡ እቲ ብሓጅን ዑምራን ዝኣዘዘኪ ብሕጃብ (ምሸፋን) ዉን ኣዚዝኪ"ዩ እሞ (ጎይታይ ጻዊዒትካ ተቀቢለ ኣለኹ) ዶ ኣይትብልን።

* ኣብ"ዘን ዝኸበራ መሳጊድ መካን መዲናን ንርእዮ ዘለና ኩነታት ኣስላም ደቂ ኣንስትዮ ንኣላህ ይኹን ንልኡኽ ኣላህ ዘየሕጉስ"ዩ። ኣላህ ነተን ምእመናን ዝኸልከለን ፡ መግለጽን ተርእዮን ኣብ ግዜ ድንቁርና (ጃሂልያ) ዝነበራ ኩነታት"ዉን እዩ'።

ንእስላዊት ጓል ኣንስተይቲ ዝኣዘዘ ምሸፋን ዓረብቅድሚ እስልምና ምእዛዙ ይፈልጥዎ ኣይነበሩን እኳ ደኣ ኣላህ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግዜ ድንቁርናዝነበራ ስልማተን ቀሊዐን ዝኸዳ ዝነበራ ወቂሰወን።

ደቂ ኣንስትዮ እስላም ስልማተን ከይቀልዓ ምእንቲ ነተን ኣብ ግዜ ድንቁርና ዝነበራ ከይመስላ ውን መልእኽቲ ኣማሓላለፈለን።

ኣላህ ይብል፡

(ኣብ ገዛኽን ርግኣ፡ ከምታ ቀዳመይቲ ማሃይምነት ብስልማት ኣይትቀልዓ) "ኣሕዛብ ኣን 33"

እቲ ጉዳይ ገጽካ ከፊትካ ምኻድ ዝተሓጽረ ዘይኮነስ ኩሉ መጋየጺ ጌርካ ፡ ጸቢብ ክዳን ተኸዲንካ ተሰሊምካ ጸጉርኻ ቀሊዕካ ኮይኑ።

***ኦ! ባሪያ ኣላህ ናብ ሕጃብ ንመለስ!**

ኣብ መንጎኽን ኣብ መንጎ"ተን ዘይኣመንትን ካብ ትእዛዝ ኣላህ ወጻእትን ኣብ ኩሉ ነገር ፍልልይ ኣሎ።

ኣስላመይቲ ብተውሒድ(ሓደነት ኣላህ) ከምኡ"ውን ንትእዛዛት ጎይታ ዓለማት እሺ ኢላ ብምእዛዝ ካብዘይ ኣመንቲ ብምርሓቅን ጸብለል ትብል ስለዚ እዚ ኩሉ ፍሉይነት ስለ ዘለኪ ንዓኣተን ኣይትምሰሊ።

ሕንከት ካብ ስነ ምግባር እስልምና ኮይኑ ዓቢ መግለጺ'ውን'ዩ ስለዚ ጓል ኣንስተይቲ ኣውራ መግለጺኣ ክኸውን ይግባእ። ግድን ኣይኮነን ንሕጃብ ዝምልከት ወላ ግዴታ ምኳኑ ዝገልጽ መርትዖ ከቅርበልኪ ምኽንያቱ ካብ ሓደ ዓንቀጽ ዝበዝሕ ኣብ ቁርኣን ተገሊጹ ስለ ዘሎ ፡ ተመሊስኪ ተመልከትዮ።

ክብርቲ ሓፍተይ! እዚ ሊንክ መልእኽቲ ናይ ሕጃብ ብ ሸይኽ ሙሓመድ ቢን ሳልሕ ኣል ዑሰይሚን ተመልከቲ።

https://d-gathla.com/2-genenral/3016-2258

ሓቂ ደሊኺ ተጊህኪ ብቅንዕና ተንቢብኪ ኣላህ ናብ ሓቂ ከም ዝመርሓኪ ርጉጽ እዩ። ነዛ መልእኽቲ ምስ ኣንበብኪ ምኽንያት ቶባ ንስሓት ክትኮነኪ ኣብ ሕጃብ ቀጥ ከተብለኪ ካብ ኣላህ ተስፋ ይገብር። ገፊሕ መጎልበቢ ምኽዳን ፡ መታን ሕጃብኪ(ምሽፋንኪ) ሸሪዓዊ ክኸውን ብመሰረት እቶም ፈላጣት ዲን ዝወሰንዎ ኩነት ምሽፋን ዘማልአ ክኸውን ይግባእ።

1ይ ብምሉእ ኣካላት ጓል ኣንስተይቲ ክሸፍን

2ይ ስሉም(ዘንጸባርቅ ክኸውን የብሉን)

3ይ ሮጊድ ረቂቅን ግሉጽን ዘይኮነ

4ይ ገፊሕ ጸቢብ ዘይኮነ

5ይ ጨና ተለኽየ ክኸውን የብሉን

6ይ ንኣከዳድና ዘይኣመንቲ ከይመስል

7ይ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣከዳድና ዘይመስል

8ይ ካብ ሰብ ተፈሊካ ንኽትፍለጥ ኢልካ ትኽደኖ ክኸውን

የብሉን።

ሓፍተይ! ሕጃብኪ ነዚ ዝተጠቕሰ ቅድመ ኩነት ዘማልአ ድዩ ኣረጋግጺ። መካ ካብ ካልእ ቦታ ተፈልየ ቅድስና"ዩ ዘለዋ እቲ ጥበብ ዝመልአ ሕጊ ሸሪዓ ኣብ መንገዲ ሰባት ዝጓዳእ ንኽይድርበ ዝኸልከለ"ዩ። ኣብ ሓዲስ ከም ተማሓላለፈ ሓደ ሰብኣይ እሾኽ ካብ መንገዲ ስለ ዝኣለየ ናብ ጀና ኣትዩ።

*እሞ ኸ ደኣ! ንሙስሊሚን ኣብ መንገዶም ብዝዓበየ ፈተነ፡ ፈተነ ደቂ ኣንስትዮ ዘቃልዐ እንታይ ዓይነት መቕጻዕቲ ክህልዎ ማለት"ዩ?!

*ምኽሪ ትፈትወኪ ሓፍትኺ፡ ካብ ጽቡቕ ስነ ምግባር ምስ ኣላህ ኣገባብ ስነ ስርዓት ዚያራ መካ ክንፈልጥ ነፍሲ ወከፍ በጻሒት ፡ ንኣላህ ነቲ ናብ ቤቱ መካ ዝዓደመኪ ደስ ዘብል ጽቡቕ (ዘርድዮ) ትርኢት ክህልወኪ ይግባእ ፡ ምኽንያቱ ፈተነ ደቂ እስራኤል ብደቂ ኣንስትዮ እዩ ኔሩ።

*እስላም ማለት"ኮ ንረቢ ኢድካ ሂብካ ብሓደነቱ ተኣዚዝካ ካብ ሽርክን ኣሸረኽትን ምርሓቅ ማለት"ዩ ብርኽተይ! ኢድካ ምሃብ ኪብሃል ከሎ እንታይ ማለት ምኺኑ ተገንዚብኪ"ዶ ትፈልጢ? ግዳማውን ውሽጣውን ንሓደነት ኣላህ (ተውሒድ) ኢድካ ሂብካ ኣብ ዝፈትዎን ዘሕጉሶን ምምእዛዝ እዩ።

**<u>*ኣብ ግዜ ነብይ ሰ.ዓ.ወ ጓል ኣንስተይቲ ብኽመይ ኩነታት ሰላት ትሳተፍ ኔራ</u>**

ካብ ኢብኒ ዑመር ተመሓላለፈ ረቢ ይፍተወሉ ነብይ ሰ,ዓ.ወ ይብሉ፡- (ባሮት ኣላህ መሳጊድ ኣላህ ኣይትኸልክልወን) ኣብ ካልእ ውን (ገዝኦን ግን ይሕሸን) ቡኻሪን ሙኡስሊምን ዘውረይዎ ገለ ዑለማእ ይብሉ፥ እዚ ሓዲስ ናሂ ማለት ብመሰረቱ ምኽልካል፥ ንጓል ኣንስተይቲ ናይ ቀረባ መሕትታ (ማሕረማ) ኣብ መስጊድ ምስጋድ ክዓግታ ከም ዘይብሉ ንርዳእ። ኣደ ሙእሚኒን እምንቲ ዓኢሻ ረቢ ይርደየላ ኣብ ትኽክል ሓዲስ (ቡኻሪን ሙስሊምን) ተመሓላለፈ ከተመልክተና ከላ ከምዚ ትብል (ልኡኽ ኣላህ ሰላት ፈጅር ይሰግዱ ኔሮም ምስኦም ዉን ምእመናን ደቂ ኣንስትዮ ይሳተፋ ኔረን ጉልባበን ተጠቕሊለን ደሓር ድማ ንገዛውተን ወላ ሓደ ከይፈለጠን ይምለሳ ኔረን) እስላም ደቂ ኣንስትዮ ምስ ልኡኽ ኣላህ ሰላት ፈጅር ክሳተፋ ከለዋ ብጉልባበን ተጠቕሊለን ምስ ጸላም ወጋሕታ ከይተፈልጣ ይምለሳ ነበራ። ረቢ ይርደየለን ናብ ሰላት ምሉእ ብምሉእ ተሸፊነን ወላ ሓደ ኣካለን ከይተራእየ ጨና ከይተቕብኣ ይወጻ ኔረን ።

ተፍላ)፡- ጨነኣ ተቀይሩ ከሎ ጨና ዘይትቕባእ ማለት"ዩ (እኳ ደኣ ጨና ተቀቢኣ ዝወጸት ሰውነታ ክትሕጸብ ተኣዚዛ።

ኣደምያጢ ይብል፡- ኣብ ግዜ ልኡኽ ኣላህ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ገዝኦን ዘይማርኽ ክዳን ተኸዲነን ይወጻ ኔረን ከምኡ ምስ ጸላም ወጋሕታ ውን ኣይፍለጣን።

ነብይ ሰ.ዓ.ወ ሰላት ምስ ፈጸሙ (ሰላምታ ምስ መለሱ) ንደቂ ተባዕትዮ ኣብ ቦታኹም ጽንሑ ደቂ ኣንስትዮ ክሳብ ዝኸዳ ይብልዎም ኔሮም። እዚ ከምዚ ኢሉ ከሎ ልኡኽ ኣላህ ይብሉ

ሰላተን ኣብ ገዛውተን ይበልጸን። ስለዚ ከኣ"ያ ዓኢሻ ረቢ ይርደየላ ኩነታት ተቐይሩ ምስ ረኣየት ድሕሪ ሞት ነብይ ሰ.ዓ.ወ ትብል (እዚ ንርእዮ ዘለና ነብይ ትዝሪእዎ ምኸልከልወን ኔሮም ከምቲ ደቂ ኣንስትዮ እስራኢል ተኸልከልኦ)

*ኣብቲ ኣዴና ዓኢሻ ዝበለቶ ዳግመ ትርኢት ተገበርናሉ?

ኣብ ግዚኣ ንደቂ ኣንስትዮ ዝጸልኣቶ፡ ንሕና ዝረኣናዮ እንተ ትርእይ ዝተዓዘብናዮ እንተ ትዕዘብ ደኣ እንታይ ምበለት!?

ብዘይ ጥርጥር እዚ ደቂ ኣንስትዮ እስላም ወዲቐንኦ ዘለዋ ምቅላዕ ገጸን ተሰሊምካ ምውጻእ ካብ ዉዲት ገዛእቲ ስርዓትን ጸላእቲ እስልምናን"ዩ። ዕላምኡ ከኣ ንእስላማዊት ጓል ኣንስተይቲ ካብ ሕጃባን ክብረታን ተቐንጢጣ ንነብሳ ይሸፈን እየ ኢላ ከተእምና"ዩ።

ኣብ መላእ ኩርናዓት ዓለም ንዝርከባ ኣሓተይ ኣብ ሕጃብ ቀጥ ክብላ ካብ ልቢ ጻዊዕተይ የቕርበለን ከምኡ"ውን ኩሉ ስልማትኪ ገሊጽኪ ተመላኪዕኪ ከይትወጺ ተጠንቀቒ።

ኣብ ኩሉ ወቕቲ ፡ ንነብስና ክንቆጻጸራን ክንወቕሳን ከምኡ ውን ንሕዋትና፡ ጉጅለታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣፍደገ መሳጊድን ናብ ቅዱሳት መሳጊድ መካን መዲናን ክውሕዛ ንዕዘብ። ብዘይ ጥርጥር እዚ ምርኢት እዚ ንልቢ ደስ ዘብል ምርኢት"ዩ። ናብ'ቲ ኩሉ ዝኽእል ኣላህ ምምላሰን ናይ ተኣዛዝነት ድሌተን የርእየካ። ግናኸ ብመንጽሩ ኣበይ ኣሎ መግለጺ ክብረት ጭውነት ዝኾነ ሕጃብ? ስለምንታይ እዩ ጠፊኡ?

መብዛሕተኡ፡ፍላጻ ሸይጣን ነቶም ድኹማት ኢማን ዝሃድነሉ፡ ኣከዳድነአን ኣቃልቦ ሰባት ዝፍትን ዝስሕብ ኮይኑ ይርከባ ። ብዘይካ እተን ረቢ ዝርሓመን።

**። ሓፍተይ ተጠንቀቒ!**

እቲ ንሃገራት እስላም እንጸላሊወን ዘሎ ምትሕውዋስ (ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን)ካብ ባርዕ ንላዕሊ ንሃይማኖትን ስነ ምግባራዊ ስርዓትን ኣብ ምብልሻው ዝቀልጠፈ እዩ።

ኢብኑል ቀይም ይብል፦ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ክተሓዋወሳ ምኽኣለን መሰረት ኩሉ ሕማቅ ነገራትን እከይን ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።እዚ ከኣ ሐደ ካብቲ ዓበይቲ ምኽንያታት ምውራድ ሓፈሻዊ መቕጻዕቲ እዩ።

ከምኡ'ውን ጠንቕታት ምብልሻው ዉልቃውን ሓፈሻውን ጉዳያት'ዩ። ምትሕውዋስ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ጠንቂ ምብዛሕ ጽዩፍ ተግባራትን ዝሙትን'ዩ። ሓደ ካብቲ ጠንቂ ሓፈሻዊ ሞትን ምስኡ እተተሓሓዘ መዓትን እዩ።

ኣብ ግዜ ሙሳ ዓለይሂ ሰላም። እተን ኣመንዝራታት ምስ ወተሃደራት ሙሳ ተሓዋዊሰን ርኽሰት ምስ ኣስፋሕፋሓ ኣላህ መዓት ሰደደሎም (ሕማም ፌራ) ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ሰብዓ ሽሕ ሞይቶም፡ እቲ ዛንታ ኣብ ኩቱብ ተፍሲር ኣዝዩ ፍሉጥ ዛንታ እዩ። ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጠንቂ ሞት ህዝቢ ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ብምትሕውዋሰንን ተመላኪዐን ኩሉ መጋየጺ ጌረን ኣብ መንጎኦም ክኸዳ ብምኽኣለን ዝፍጠር ብዝሒ ዝሙት እዩ።

ኣብ ሂወት ኣዱንያ ዘውርዶ ዕንወት ቅድሚ ኣብ ዲን ዘምጽኦ ብልሽት ተዝፈልጡ ። እቶም ናይ ቀረባ ተሓተቲ ኣብ ትሕቲኦም ንዝርከባ (ንከይትሓዋወሳ) ብትሪ ምኽልከልዎ።

**ሻዱሻይ፡ ግዜ ምቑጣብ**

ግዜ ዕድሜኻን ሂወትካን ስለ ዝኾነ ብኾንቱ ኣይባኽንን'ዩ ዝኾነ ኣስላማይ ዮመል ቂያማ (መዓልቲ ትንሳኤ) ኣብ ቅድሚ ረቢ ብግዜ ክሕተት'ዩ።

ካብ ሙዓዝ ቢን ጀበል ረቢ ይርደየሉ ዝተሓላለፈ ልኡኽ ኣላህ ከምዚ ይብሉ፡- (ሓደ ባርያ ኣብ ዮመል ቂያማ ኣእጋሩ ኣይንቀሳቀሳን እየን ክሳብ ብኣርባዕተ ነገራት ዝሕተት ዕድሚኡ ኣበይ ኣሕሊፍዎ፡ ንእስነቱ ከ ኣበይ ኣብሊዎ ገንዘቡ ካበይ ከሲብዎ ኣበይ ከ ኣውጺዎ? ብዛዕባ ፍልጠቱ ከ እንታይ ሰሪሕሉ)። ብፍላይ እስላመይቲ ሓፍተይ ካብ ርሑቅ ቦታ ስድራኽን ደቅኽን ገዲፍኪ ስለ ዝመጻኺ ነፍሲ ወከፍ ደቂቕ ኣብ መካ ሰላት፣ ድዓእ፤ ቁርኣን ምቅራእ ከምኡ'ውን ጠዋፍ ኣብ ካዕባ ዚክር ሱብሓነ ኣላህ ፤ላኢላህ ኢላ ኣላህ ኣላህ ኣክበር ክትጥቀምሉ ይግባእ።

**ብልጸት፡- ሰላት ኣብ መካ**

ካብ ኣቡ ሁረይራ ረቢ ይርደየሉ ዝተማሓላለፈ ነብይ ከምዚ ይብሉ፡-(ሓንቲ ሰላት ኣብ መስጊደይ ካብ ሽሕ ሰላት ኣብ ካልእ ቦታ ይበልጽ ብጀካ ኣብ መካ)

ካብ ጃብር ረቢ ይርድየሉ ዝተማሓላለፈ ልኡኽ ኣላህ ከምዚ ይብሉ፡-(ሓንቲ ሰላት ኣብ መስጊደይ ካብ ኣብ ካልእ ቦታ ብሽሕ ሰላት ይበልጽ።ብዘይካ ኣብ መካ ሓንቲ ሰላት ኣብ መካ ብሚእቲ ሽሕ ካብ ካልእ ቦታ ይበልጽ)።

ዓይንኽን መንፈስከን ነዛ ክብርቲ ካዕባ ብምርኣይ ተደሰቲ። ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ረኺብክዮ ዘለኺ ዓብይ ዕድል ተጓየይሉ ንሰላት ጠዋፍ (ኣብ ካዕባ ምኹላል) ዚክር ዱዓእ ።

ከምኡ'ውን ብቤላ ቤለው ብሞባይል ምስኣል፤ ብዝኣተወን ዝወጸን ምኽታል ብኽትዕ ብዝሒ ዘረባ፤ ምጽቅቃጥ በጸሕቲ፡ ብምጉዳእ ሰባት ኣይትጽመድያ (ኣይተሸቅልያ) ነብስኺ።

እዚ ቦታ'ዚ ንብዓትካ ዝውሕዘሉ ዱዓኻ ዝቕበለሉ ጽቡቕ ተግባራትካ ዝተዓጸጸፈሉ ዘንብኻ ዝምሓረሉ ስለ ዝኾነ።

ርግጸኛ ኩኒ ኣብ ቤቱ ኢኺ ደለኺ ኣላህ ዓቢ ለጋስን ርህሩህን'ዩ። ኩሉ ካብኡ ድለዮ ካብ ሰብ ኣይትድለዮ። ኢድኪ ሓፍ ኣቢልኪ ተለሚንክዮ ባዶ ኣይመልሰክን'ዩ ኩሉ ሂቡ ክርድየኪ እዩ።

**ሻብዓይ፡- መካ ዓቢ ቅድስና ኣለዋ ፡ ካብ ክብሪ**

**ኣላህ ድማ ምኽባር ስርዓታቱ እዩ።**

**ኣላህ ይብል፡-**

*(ኣብኡ(ኣላህ ዘይደልዮ) ኮነ ኢሉ ከዘናብል ዝደሊ በዳሊን ካብ ዘሳቂ መቕጻዕቲ ከነጥዕሞ ኢና) "ሓጅ ኣን 25"

*(ንሰባት"መጸለዩ" መጀመሪያ ዝተግብረ ቤት ብሩኽን ንዓለማት መምርሒን ኮይኑ እቲ ኣብ መካ ዘሎ ኢዩ ኣብኡ ግልጺ ትእምርታትን መቆሚ ኢብራሂምን ኣሎ፡ ዝኣተዋ ይሃድእ፡ ንኣላህ ካብ ሰባት ናብኡ ምኻድ ኣብዚ ከኣ ንቤት ምብጻሕ ግዴታ ኣለዎ፡ ዝከሓደ ኣላህ ካብ ኩሉ ዓለማት ዝሃብተመ ኢዩ) "ኣሊ ዕምራን ኣን 96-97"

(ነቲ ቤት (ካዕባ) ንሰባት መኣከቢን ጸጥታውን ምስ ገበርና (ዘክር)፡ኣብ መደበር ኢብራሂም መስገዲ ግበሩ ናብ ኢብራሂምን ናብ ኢስማዒልን ቤተይ ንዘወርትን ንተቀመጥትን ንደነንትን ሰገድትን ኣጽርዩ ኢልና መዝነት ኣትሒዝናዮም) "ኣል በቀራ ኣን 125

ኣብ ግዜ ድንቁርና ዝነበሩ ንመካ ክብሪ ይህብዋ ኔሮም እዮም። ወላ ቀታሊ ኣብኡ ወይ ሓው ኣብ መካ ተረኺብዎ። ኣይጎድኦን እዩ ክሳብ ካብ መካ ዝወጽእ። እዚ ጥንታዊ ቤት ዓቢ መቅደስ ኣላህ መእከቢ ሰባትን ጸጥታውን ጌርዎ'ዩ። ንነብይ ኢብራሂም ኢስማዒልን ንዘወርትን ተቀመጥትን ሰገድትን ከጽሪዎ ኣዘዝናዮም።

ኣላህ ይብል፡-

(ንኢብራሂም ነቲ ስፍራ ቤት"ካዕባ" መምለሲ ምስ ገበርናሉ ኣባይ ዝኾነ ኣይተሸርኽ ቤተይ ንዝዘሩን ንዝቆሙን ንዝደኑን ኣጽሪ ምስ በልናዮ "ዘክር") "ኣል ሓጅ ኣን 26"

ካብ ኢብኒ ዓባስ ረ.ዓ ተመሓላለፈ ልኡኽ ኣላህ መካ ምስ ተቆጻጸርዋ ይብሉ( እዛ ዓዲ እዝኣ "መካ" ሰማይን መሬትን ምስ ተፈጠሩላ መዓልቲ ምስ ሓረማ ሕርምቲ እያ ክሳብ ትንሳኤ "ዮመል ቂያማ" ከምኡ'ውን ብቅድመይ ንወላ ሓደ ሰብ ኣብ ቅድመይ ክዋጋእ ኣይተፈቅደን ብዘይካ ሓንቲ ሰዓት ኣላህ ክሳዕ መዓልቲ ትንሳኤ ሓሪምዋ እዩ)

ካብ ኢብኒ ዓባስ ረ.ዓ ነብይ ሰ.ዓ.ወ ይብሉ (ኣላህ ንመካ ሕርምቲ ጌርዋ'ዩ ንወላ ሓደ ሰብ ቅድመይ ኣይተፈቅደትን ወላ'ውን ብድሕረይ ንወላ ሓደ ሰብ ኣይትፍቀድን እያ፡ ሓንቲ ሰዓት ኣብ መዓልቲ ጥራሕ እያ ተፈቂዳትኒ፡ ትኽላ ኣይክምከምን'ዩ ኦማ ኣይቆረጽ ኣይስበር፡ ሃድና ኣይስጎጎ ኣይባረር ፡ ድወደቀ ንብረት ወይ ገንዘብ ኣይእረይ ብጀካ ድጠፍኦ ኢልካ ከተመልክት ተዘይ ኮይኑ)

***ኣብኣ ሃድን ኮነ ኦም ቅድስና(ፍሉይ ክብሪ) ካብ ሃለዎ ቅድስና ሓደ ኣስላማይ ከ ?!**

* ሓደ ሓደ ግዜ ንዕዘቦ ተርእዮታት ንልቢ ዘሕዝን ንዓይኒ ዘንብዕ ግህሰት ቅድስና ቦታን ግዜን ገለ ካብኡ፡-

*ኣመና ድምጽኻ ምልዓል፤ ጸርፊ፤ ቦታ ምሕዛእ ምጽባብ መስገዲ ቦታ ኣብ እዋን ሰላት

*ጉሓፍ ምድርባይ፤ ሶፍቲ፤ፕላስቲክ

*ኣቆልዑት ብንብረት መስጂድ ኣልሓራም ክጻወቱ ብዘይ ሓደ ቁጽጽር ምግዳፍ(ሸለል ምባል)

*ጻዕዳ ሽጉርቲ ፤ ሻሎት፤ ቀይሕ ሽጉርቲ በሊዕካ ንሰገድቲ ዘጽልእ ጨና እና ጨነኻ ንሰላት ምምጻእ።

*ብብዝሒ ብዛዕባ ኣዱንያ ከተዕልል ህድኣትን ርግኣትን ናይ ሰገድቲ ምቁራጽ።

*ብተወሳኺ ብዝሒ ስእሊ ምስኣል ኣብ መስገዲ ደቂ ኣንስትዮ ብወዝቢ ሓንቲ ጽፍፍቲ ኣማኒት ብገርሃ ስእላ ተወሲዱ ናብ

ዓለም ክዝርጋሕ ይኽእል እዩ።

*ግዜ ምብኻን ፡ ብዝሒ ድቃስ ምድቃስ ምስ ተበራበርካ ዉን ብዘይ ዉዱእ ምስጋድ።

*ምስ ደቂ ተባዕትዮ ምጽቅቃጥ ከምኡ'ውን ምስ ድኹማትን ኣረጋውይንን ምድፍፋእ።

ስለዚ ክብርን ዕብየትን መካ(መስጂድ ኣል ሓራም) ሓልዊ ከምኡ'ውን ካብሪ ናይቲ ዘለኽዮ ግዜን ቦታን ክስመዓኪ ይግባኣ።

ግቡእን መሰለን ኣስላም ኣሕዋትኪ ከተኽብሪ፡ ኣብ ጎንኺ ትሰግድ ሓፍቲ ኣብ ልዕሌኺ ግቡእ ከም ዘለዋ። ኣብዚ ቦታ'ዚ ዝኣኻኽበክን የለን እንትርፎ ፍቶት ኣላህ ሉኡኽ ኣላህን እዩ። ካባኺ ክትረኽቦ ደለዋ ጽቡቅ ዘረባ ፤ጽቡቅ ምሕዝነት፤ ጽቡቅ ስነ ምግባር፤ ካብ ጉድኣት ምቁጣብ ፤ ጽቡቅ ምኽሪ ምሃብ ፤ ነንሕድሕድክን ንኣጅሪን ፍርሓት ኣላህን ምምዕዓድ እዩ።

ምስተን ሰራሕተኛታት ጽሬት መስጂድ ኣል ሓራም ተሓጋጋዚት ኩኒ ቦታኺ ከኣ ካብቲ ዝነበሮ ንላዕሊ ጌርኪ ግደፍዮ።

ንነኣሽቱ ደቅኺ ብኣኽብሮት ናይ መካ(መስጅድ ኣል ሓራም) ከተዕብዮም ከምኡ'ውን ስነ ስርዓት ምብጻሕ መካ(መስጅድ ኣል ሓራም) ክኽተሉ።

*ተጠንቀቒ እስላመይቲ ሓፍተይ ከምታ ንፈትላ ድሕሪ ምትራሩ ቁኒን ጌይራ ዝፈንጠሓቶ ኣይትኹኒ።

ማለት ኩሉ ጽቡቅ ተግባራትኪ ኣይተባላሽውዮ ከምኡ ድማ ካብ ክፋእ (ተንኮል) ጸላኢኺ ሸይጣን ተጠንቀቒ ፡ ንሓደ ባሪያ ኣጥፊኡ ዲኑን ዕላምኡ ከም ዝስእን ዝገብር ዝኾነ።

**ካብ ኣቡ ሁረይራ ተመሓላለፈ ሓዲስ ልኡኽ ኣላህ ሰ.ዓ.ወ ከምዚ ይብሉ፡- (ሓደ ካባኹም ኣብ መስጊድ እንተ ኣሎ ሸይጣን መጺኡ የዘናግዖ፡ ከምቲ ንመጽዓኛኡ ዘዘናግዓ ዋንኣ ህድእ ምስ በለት ብሉጓም ዝኣሰራ።ኣቡ ሁረይራ ይብል፡ ኣይትምልከትዎን ዲኹም እቲ መዝኑቅ(ተኣሰረ) ቀይኒኑ ክርኢ ንረቢ ኣይዝክርን እቲ ተለጉመ ከኣ ኣፉ ሃህ ኢሉ እሱ ውን ረቢ ኣይዝክርን።**

**8ይ <u>ብልጸት ማይ ዘምዘም</u>**

እዛ ፈልፋሊት ዒላ ኣዴና ሃጀር ሰላምታ ኣብ ልዕሊኣ ይውረድ። ንዕሸላ ኢስማዒል ማይ ሲኢናትሉ ናብ ኮረብታ ሰፋ ደይባ ንልዑል ኣላህ ክትልምንን ሓገዝ ክትደልይን ጀመረት፡ ብድሕሪኡ'ውን ናብ ኮረብታ መርዋ ብምኧድ ለመንኣ ቀጸለት ። ኣላህ ድማ ንጅብሪል ብምልኣኽ ብሓደ ጫፉ (ክንፉ) ነቲ መሬት ምስ ተንከፎ ዝፈልፈለት ዒላ ኢስማዒል ቢን ኢብራሂም ሰላምን በረከትን ይውረዶም እያ።

እዚ ወሓዚ እዚ ንሙስሊሚን ንኣሽሓት ዓመታት ዋሕዙ ዝቅጽል ዘሎ፡ ኣስር በረከት ሓንቲ ተውሒድ ኣጽሪያ ናብ ኣላህ ተጸገዐት ጓል ኣንስተይቲ ስለ ዝኾነ ኣላህ ንዓኣን ንዕሽላን ነዚ ዝተባረኸ ማይ ክትሰትዮ ዝሃባ እዩ።

**<u>መርትዖታት ብዛዕባ ብልጸት ማይ ዘምዘም</u>**

*ዑለማእ ረሒመሁም ኣላህ ፡ ሓጅን ዑምራን ዝፍጽሙ ሰባት ካብኡ ክሰትዩ ፍቱው ምኧኑ ይሰማምዑ።

*ኣብ ሓዲስ ቡኻሪ ዝተረጋጸ ነብይ ሰ.ዓ.ወ (ካብ ማይ ዘምዘም ከም ዝሰተዩ)

*ካብ ኣቢ ዘር ረ.ዓ ዝተማሓላለፈ ነብይ ሰ.ዓ.ወ ይብሉ፡-(ብዛዕባ ማይ ዘምዘም ዝተባረኸት ማይ እያ መድሃኒት ንሕማምን ዓንጋሊት መግብን እያ)

*ከምኡ'ውን ኣቢ ዘር ኣል ቂፋሪ ረ.ዓ (ኣብ መካ ሓደ ወርሒ ኣሕሊፉ ብዘይካ ማይ ዘምዘም ካልእ ቀለብ ኣይነበሮን)

*ሰታይ፡ ካብ ማይ ዘምዘም ክሰቲ ከሎ ክሳብ ዝረውን ዝጸግብን ኣብዚሑ ክሰትይ ሱና ኢዩ።

*ኣብቲ ትስተየሉ እዋን ዱዓእ (ለመና) ምብዛሕ ከምኡ'ውን ክትሰትዮ ከለኻ ጉዳይ ኣዱኒያን ኣኼራን ክትጠልበሉ ከም ትኽእል። ከምቲ ኣብ ሓዲስ ዝመጸ

*ካብ ኢብኒ ዓባስ ዝመጸ ማይ ዘምዘም ክሰቲ ከሎ ከምዚ ይብል (ኦ! ኣላህ  ጠቃሚ ፍልጠት ሰፊሕ ሽሻይ ፈውሲ ካብ ኩሉ ሕማም እልምነካ)

**<u>ስነ ስርዓት ኣሰታትያ ማይ ዘምዘም እቶም</u>**

**<u>ፉቁሃእ( ሊቃውንቲ ኣስልምና ዝጠቀስዎ ኣገባብ፡-</u>**

*ናብ ካዕባ ገጽካ ክትከውን

*ቢስሚላህ ክትብል

*ሰቲካ ምስ ወዳእካ ንረቢ ከተመስግን

*እዚ ዝተባረኸ ማይ'ዩ ካብኡ ብብዝሒ ሰቲኺ ንኣላህ ካብ ጸግኡ ለምንዮ።

**ዘምዘም፡ ብምዑዝነታ ንኹሉ ማይ በሊጻቶ ወላ'ውን ፈለግ ኒል ብሚስክ ይውሓዝ።**

ኣብ መደምደምታ ኣብ'ዚ ጉዕዘኽን እዚ ፍርሓት ኣላህ ሰናይ ተግባራትን ከስንቀክን፡ ብሰላምን ብዓወትን ክመልሰክን እምነ። ዲንክን እምነትክን ናይ መጨረሽታ ስራሓትክን ክሕልወልኪ ንኣላህ ይልምኖ ። ምስጋና ንኣላህ ይኹን ጎይታ ዓለማት፡ ከምኡ'ውን ኣላህ ንነቢና ሙሓመድን ስድረኦምን ብጾቶምን ሰላምን በረከት የውርድ።

**ሓፍትኺ ፈታዊትኪ!**

ዶ.ቀዝላ ቢንት ሙሓመድ ኣል ቃሕጣኒ
ኣመሓዳሪት ምምሕዳር ደቂ ኣንስትዮ
ኣብ ቤት ጽሕፈት ምጉስጓስን መምርሕን ስለይ
ዞባ ሪያድ ንግስነት ሱዕዲ ዓረብ።
ትርጉምን ጽሕፈትን
ዘቢባ መ/ቡርሃን